
ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 33 ዓመት ቁ.262 | ሰሉስ 2 ሓምለ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ - Viral Hepatitis





ገጽ 3
"ዋላ ኣብ ኩናት ክኣምነኩም ከም ዝኽእል ተገንዚበ ኣለኹ"





ገጽ 4
ክረምትን ንባብን



ገጽ 5
ሰብኣይ ከስተብህለሉ ዘለዎ ሓሳባት



ገጽ 7
ቢኒ - ክም ኣሌማዝ ተፋሒፉሑ ዝደመቐ ኮኾብ



# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ ብልዑል መዓርግ ተቓኒዑ




ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ 2024፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዝሓለፈ ቀዳመሰንበትን - 29ን 30ን ሰነ፡ ኣብ ከተማ ሚላኖ ብልዑል መዓርግ ተቓኒዑ።

እዚ ብኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሃጽዮን ጴጥሮስ ዝተኸፍተ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ - ምርኢት ደረቐን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ባህላውን ስነ ጥበባውን ማሰናድኣታት፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና፡ ከባቢናን ዓለምን ናይ መጻኢ ኣመታቱን ዘተኩረ ሰሚናር፡ ምርኢት ባህላዊ ኣልባሳት. . . ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣቦመንበር ሽማግለ በዓላት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህን፡ ፈስቲቫል ኣብ ምኽብኻብን ምኹላዕን ሃገራዊ ባህልን መንነትን፡ ምውርራስ ሃገራዊ ክብርታት፣ ምህናጽ ብመንነቱ ዝኾርዕ ብቑዕ መንእሰይ ወለዶ፣ ከምኡ'ውን ምድልዳል ሃገራዊ ሓድነት ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብኮሚቴ ሚድያ ዝተዳለወ - ንታሪኽ ፈስቲቫላት ኤርትራውያን ኣብ ኢጣልያ ካብ 1974 ክሳብ 2023 ዘጽብርቕ ናይ ደረቕ ስእልን ቪድዮን ማሰናድኦ፡ ብዙሓት ተሳተፍቲ ልዑል ኣድናቖት ረኺቡ።

ኣምባሳደር ፍስሃጽዮን ኣብ ዝሃቦ ሰሚናር፡ ኣብ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ፡ ኣብ ጸላት ዲፕሎማሲ ዝተኣሰለ ዘሎ ስራሕን ዝምዝገብ ዘሎ ዓወታትን ከምኡ'ውን ኣብ መድረኻዊ ተልእኾን ተራ ኣብ ወጻኢ ሃገርን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታትን ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ደምጻውያን ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል)፡ ሄለን ጳውሎስ፡ ሓይልኣብ በረኸት (ሶሊ.ዓ)ን ክፍሎም ገብረልኡልን ምስ መዘናግዕታት ERI-BAND ብዘቕረብዎ መደብ ተዘናጊዖም።

## ልዕሊ 332 ሽሕ ናቕፋን ኣስታት 12 ሽሕ ዶላርን ተወፍዩ

ኣብ ወጻኢ ሃገርን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ስድራ ስውኣት ንምሕጋዝን ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ንምስናይን፡ ልዕሊ 332 ሽሕ ናቕፋ፡ ኣስታት 11,840 ዶላርን 350 ዩሮን ኣበርኪቶም።

እቲ ዝርዝር - ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ወ/ሮ ብርኽቲ ተኽለሚካኤል ገብረሂወት 6,120 ዶላር ኣመሪካ፣ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ካንቶን በርን - ስዊዘርላንድ 127,429 ናቕፋ፣ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ 96,000 ናቕፋ፣ ተመሃሮን መምህራንን ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሓሊይ 25,068 ናቕፋ - ንመናበዪ ስድራ-ስውኣት ዘወፈይዎ እዮ።

ብተመሳሳሊ፡ ነበርቲ ሽወደን ኣቶ ቀለታ ክብርኣብን ወ/ሮ ምልእተ ኪዳን 720 ዶላር ኣመሪካ፣ ተቐማጢት ፍራንክፈርት - ጀርመን ወ/ሮ ሊያ ምኖና ተስፋጋብር 350 ዩሮ - ንመናበዪ ስድራ-ስውኣት፣ ነበርቲ ሰሲናቲ - ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ - ብመንገዲ'ቲ ብ"ሕድሪ ሰማእታት" ዝፍለጥ ማሕበሮም ኣብሎም 5,000 ዶላር፣ ሓንቲ ነበርቲ ቴክሳስ - ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ 20,000 ናቕፋ ንማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ልኢኾም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ መምህራን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ 27,750 ናቕፋ፣ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሰራሕተኛታት ኩባንያ ብደሆ ሓፈሻዊ ህንጻ-ትካል 12,648 ናቕፋ፣ ስድራቤት ኻሳዩር ኒጋ በላይ 12,000 ናቕፋ፣ ኣቶ ተስፋኣለም ገብራይ ገብረመስቀል ደማ - 11,177 ናቕፋ ንመናበዪ ስድራ-ስውኣት ወፊዮም።

## ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ማይ-ሓባር 130 ተመሃሮ ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ ስነኪነት ማይ-ሓባር፡ ብ29 ሰነ ንመበል 24 ግዜኣ ኣብ ዘካየደቶ ስነ-ስርዓት፡ ብ7 ዓውድታት ሞያ ብዮዝበርን ክልሰ-ሓሳብን ዘምሃረቶም 130 ተመሃሮ፡ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

ተመረቕቲ፡ ኻኽልተ ዓመት - ሞያታት ኣውቶመካኒክ፡ ህንጻ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺን፡ ድራውሊንግን ጽርበት ዕንጸይትን ዝተማሃሩ እዮም።

ዳይረክተር እታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ተስፋዝጊ ኣብርሃ፡ ተመረቕቲ ንኣድማዕት ዝዋፈሩሉ ስራሕን ንዕቤት ደረጃኦምን ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

## ተጋዳላይ ሓሰቡ ኣደም (ወዲ-ኣደም) ተሰዊኡ

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ተኣላዪ ስንክል ዝነበረ ገዳም ተጋዳላይ ሓሰቡ ኣደም ሳልሕ (ወዲ-ኣደም)፡ ብ30 ሰነ ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሓሰቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘተቓለሰ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ሓሰቡ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 1 ሓምለ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት እምባደርሆ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ገዳም ተጋዳላይ ሓሰቡ ኣደም ሳልሕ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ተመንዩ።





ኣብ ታሪኽ ቱር ዲ ፍራንስ - ናይ ፈለማ ዕዉት መድረኽ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ - 1-7-24 (ምሉእ ሓበሬታ ኣብ ዓምዲ ስፖርት ኣብ ገጽ 7 ኣሎ)



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ - Viral Hepatitis




ጸላም ከብዲ፡ ልዕሊ ከስዐ ኣብ የማናይ ሸነኽ ክፍሊ ሰብነትና ትርከብ፡ ክብደት ናይ ሓደ እኹል ሰብ ጸላም ከብዲ - ብጠቕላላ 1.6 ኪሎ ግራም ይበጽሕ። ጸላም ከብዲ፡ ክሳብ 500 ዝበጽሕ ዝተፈላለየ ከሚካላዊ ንጥፈታት እተሰላስል ኣዝዩ ኣገዳሲት ኣካል እዩ። መግቢ ሜታቦላይዝ ኮይኑ ናብ ሰራውር ደምና ንኽሕወስ ድማ፡ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይህልዎ። ገለ ካብቲ ጸላም ከብዲ እትዓምሞ ስርሓት፦

=> ንምሕቃቕ መግቢ ኣገዳሲ ዝኾነ ፈሳሲ ናይ ሓሞት ተፍሪ።

=> ኣብ ኣካላትና ንዘለው መርዚታት (toxins) ተጽሪ።

=> ኣብ ሰራውር ደምና ዘሎ 'በሊሩቢን' (bilirubin) ትገኽሕፍ።

=> ኣብ ደምና ዘሎ ኮሌስትሮል፡ ኣልኮልን ካልእ ዘይድሊ ቀመማትን ትኣሊ።

=> ብዝተፈላለዩ መልክዕ ኣብ ኣካላትና ዘለው ካርቦሃይድሬትስ፡ ስብሕን ፕሮቲንን ተዓቑቕ/ ትጥሕን።

=> ንኣካላትና ኣገዳሲ ዝኾነ ፕሮቲን ተፍሪ።

=> ተፈጥሮኣዊ ሽኮር ማለት ግሉኮዝ ትኸዝን። ከምኡ'ውን ንኣካላትና ኣገደስቲ ዝኾኑ ማዕድናትን ቫይታሚናትን ትዕቅብ። ኣካላትና ኣብ ዘድልየሉ እዋን ድማ ናብ ጸዓት ቀይራ ሓይሊ ትፈጥር።

=> ደም ኣብ ምርጋእ ዓቢ ተራ ትጻወት።

=> ጸረ ነፍሳት (antibody) ተማዕብል ወዘተ።

### ነድሪ ጸላም ከብዲ

ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ሕበጥ ጸላም ከብዲ ብዘስዕብ ቫይረሳት ይመጽእ። እቲ ሕማም ብብዝሒ መድሃኒት ብምውሳድ፡ ዘይድሊ ባህላዊ ፍወስን ኣልኮላዊ ማስተ ግዙእ ብምኳንን እውን ክመጽእ ይኽእል እዩ።

### ወይቦ (Jaundice)

ወይቦ ብምብጫው ቆርበት ሰብነትና፡ ጻዕዳ ዓይንንን ግንቦ ኢድናን ዝፍለጥ ዓይነት ሕማም እዩ። ብሕማም ወይቦ ምስ እንልከፍ ፈሳሲ ናይ ኣካላትና ዋላ እኳ ብዓይንና ዘይንርእዮም እውን ናብ ብጫ ዝኸደ ሕብሪ እዮም ዝሕዙ።

ሕብሪ ቆርበትናን ጻዕዳ ዓይንናን ኣብ ኣካላትና ብዘሎ መጠን 'በሊሩቢን' (bilirubin) ብዝተባህለ ንጥረ-ነገር እዩ ዝፈላለ። 'በሊሩቢን' ኣብ ደምና ዝጸንሕ ዝጐሓፍ ንጥረ-ነገር እዩ። ማእከላይ መጠን ናይ 'በሊሩቢን' ብጫዊ ሕብሪ ይህልዎ። እቲ መጠን ምስ ዝበዝሕ ድማ፡ ናብ በናዊ ሕብሪ ይኸይድ።

ወይቦ ብነድሪ ጸላም ከብዲ እዩ ዝፍለጥ። ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ ኑታ ከረጺት ሓሞት ይትንክፉ'ሞ፡ ገለ ካብ ፈሳሲ ሓሞት ናብ ሰራውር ደም ይሕወስ። ከም ሳዕቤኑ ኣካላትና ብጫ ሕብሪ ክሕዝ ይግደድ።

ወይቦ ኣብ ጻዕዳ ክፋል ዓይንና፡ ጉንቦ ኢድናን ኣጻፍርናን ከምኡ'ውን ዑደት ደም ኣብ ዝልለየሉ ዝተፈላለየ ክፍሊ ሰብነትና ብዝሆ ሕብሪ ክለዋር ይኽእል።

ወይቦ - ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት እዩ ዝኸሰት። ብዓይንና ብዘይረኣዩ ደቀቕቲ ህይወታውያን (ቫይረስን ባክተርያን)፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ መድሃኒታት፡ ኣካላትና ብዝዝብሮ ዘይንብር ለውጥታት ወዘተ ክስዕብ ይኽእል። ኣብዚ ጽሑፍዚ ብሰንኪ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ወይቦ ክንጠቕስ ኢና - ሀፓታይትስ (hepatitis)።

### ሀፓታይትስ እንታይ እዩ?

ሀፓታይትስ፡ ንምቑጻልን ነድርን ጸላም ከብዲ ዝገልጽ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እቲ ልሙድ ብርኽሲ ቫይረስ እዩ ዝስዕብ። ሀፓታይትስ ክስዕቡ ዝኽእሉ ካልኦት ጠንቅታት'ውን ኣለዉ። ኣካላት ብዝዝብሮ ባህላዊ ዘይንብር ለውጥታት ሀፓታይትስ ክስዕብ ይኽእል እዩ፡ ናይ ማስተ ግዙእ ብምኳን ሀፓታይትስ ክንሓዝ ንኽእል ኢና።

### ዓይነት ሀፓታይትስ

ብዙሓት ዓይነት ሕማም ወይቦ ወይ ሀፓታይትስ እኳ እንተሃለው፡ ሀፓታይትስ 'ኤ'፡ 'ቢ'ን 'ሲ'ን እዮም ልሙዳት እዮም። እዞም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማም ወይቦ ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት የስዕቡ። ኣፈዋውሳኦም እውን ብኡ መጠን ዝተፈላለየ እዩ።

### እዮም 5 ዓይነት ብቫይረስ ዝስዕቡ ሕማም ወይቦ

ብርኽሲ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ወይቦ፡ ሀፓታይትስ 'ኤ'፡ 'ቢ'፡ 'ሲ'፡ 'ዲ'ን 'ኢ'ን ብዝብል - ኣብ ሓሙሽተ ዓይነት ይድለየሉ። ሀፓታይትስ 'ኤ' ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ግን ከአ ኣዝዩ ከበድ እዩ። ሀፓታይትስ 'ቢ'፡ 'ሲ'ን 'ዲ'ን ድማ ብተደጋጋሚ ዝመጽኡ 'ሕዱር ሕማማት' ተባሂሎም እዮም ዝፍለጡ። ሀፓታይትስ 'ኢ' ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ እዩ። ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ-ኣንስትዮ ግን፡ ኣዝዩ ከበድ ሳዕቤን ክኸትል ይኽእል እዩ።

ኣብ ሀፓታይትስ 'ኤ' ምትዕንቓፍ ስራሕ ጸላም ከብዲ ንሓጺር ግዜ ጥራይኳ እንተኾነ፡ ኣብቶም ካልኦት ዓይነት ግን፡ እቲ ቫይረስ ተሓቢኡ ይጸንሕ'ሞ እቲ ሕማም እናማዕበለ ኣብ ዝኸደሉ ህሞት ምልክታት ናይቲ ሕማም እናጸረ ይመጽእ።

### ሀፓታይትስ 'ኤ'

እዚ ዓይነት ሕማም፡ ብርኽሲ ቫይረስ ሀፓታይትስ 'ኤ' (HAV) ይኽሰት። እዚ ሕማምዚ ብመግቢ ወይ ብዝተበከሉ መስተታት ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ይመሓላለፍ። ሕቑፎ ግዜ ናይቲ ቫይረስ ካብ 2 ክሳብ 4 ሰሙን ክጸንሕ ይኽእል።

### ሀፓታይትስ 'ቢ'

እዚ ዓይነት ሕማም፡ ብኸሎም ፈሳስቲ ናይ ኣካላትና ብደምን ፈሳሲ ናይ ስጋዊ ርክብን ይመሓላለፍ። መርፍእን ቡሕቲ መሳርሒታት ብሓባር ብምጥቃምን እውን ይመሓላለፍ እዩ። ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ክሓልፍ'ውን ይኽእል እዩ። ሕቑፎ ግዜ ናይቲ ቫይረስ ካብ 6 ሰሙን ክሳብ 6 ኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል።

### ሀፓታይትስ 'ሲ'

ብፈሳስቲ ናይ ኣካላትና - ማለት ብደምን ብስጋዊ ርክብን ይመሓላለፍ። ቀንዲ መተሓላለፊኡ ግና ደም እዩ። መርፍእ ይኹን ካልእ ቡሕቲ ነገራት ብሓባር ብምጥቃም ካብን ናብን ክመሓላለፍ ይኽእል። ሕቑፎ እዋን ናይቲ ቫይረስ ክሳብ ክልተ ወርሒ ይበጽሕ።

### ሀፓታይትስ 'ዲ'

እዚ ዓይነት ሕማምዚ እውን ብደም ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ ምስ ሀፓታይትስ 'ቢ' ብምልፋን እዩ ዚዖዳ ዝማዕበል። ሀፓታይትስ 'ቢ' ምስ ዘይሀሉ ቫይረስ ሀፓታይትስ 'ዲ' ብጦበኡ ኣይረብሓን እዩ። እቲ ቫይረስ ኣብ ወሽጢ ኣካላትና ክራባሕ ካብ 2 ክሳብ 12 ሰሙን ግዜ የድልዮ።

### ሀፓታይትስ 'ኢ'

ሀፓታይትስ 'ኢ' - ብጣዕይ ወለድ ሕማም ዝፍለጥ ዓይነት ሕማም እዩ። እዚ ዓይነት ሕማምዚ ግቡእ ናይ ረሳሕ ማይን ዓይኒ ምድርን ካልእ ከባቢያዊ ጽሬትን ኣብ ዘይብሉ ቦታ ዚዖዳ ገኒኑ ይርአ።

ቫይረስ ናይ ሀፓታይትስ፡ ምሽቲ ግዱይ ትሕቲ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እንተገይሩ ንጡፍ (ዘይሕዱር) ንብሎ። እቲ ነቲ ሕማም ኣኸቲሉ ዘሎ ቫይረስ ካብ ሰዱሽተ ወርሒ ንላዕሊ ምሽቲ ግዱይ እንተገይሩ ግና፡ ሕዱር ሕማም ተባሂሉ ይግለጽ።

### ማጠን መልከፍቲ ሀፓታይትስ 'ቢ'ን 'ሲ'ን ብደረጃ ዓለም

ሀፓታይትስ 'ቢ'

* ኣብዚ ግዜዚ ብደረጃ ዓለም ብሀፓታይትስ 'ቢ' ዝተለኽፉ ሰባት ብዝሒ፡ ኣስታት 2 ቢልዮን ይበጽሕ።

* ካብዚኦም እቶም 240 ሚልዮን፡ ሕዱር ሕማም ኣማዕቢሎም ይርከቡ።

* ሀፓታይትስ 'ቢ'፡ ኣብ ቀዳሚት ዝስራዕ ጠንቂ ሕማም መንሽሮ ኮይኑ ይርከብ፡ ብሰንኪ ሀፓታይትስ 'ቢ' መንሽሮ ናይ ዞማዕበሉ ብዝሒ 45 ሚእታዊት ይበጽሕ።

* ዓመታዊ ኣስታት 650,000 ሰባት በዚ ሕማም ይሞቱ።

ኣብ 2018/19 ዝርጋሐ ማጠን መልከፍቲ ሀፓታይትስ 'ቢ' ኣብ ኤርትራ ዝምልከት፡ ንኸለን ዞባታት ዘሰተፈ መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። እቲ ሕማም ኣብ ገፊፍቲ ዓሳ (12.9 ብሚእታዊት)፡ ኣብ እሱራት ደቂ-ተባዕትዮ (3.5 ብሚእታዊት)፡ ነፍሰጾራት (2.56 ብሚእታዊት)፡ ኣብ መራሕቲ ዓበይቲ መካይን (2.9 ብሚእታዊት)፡ ኣብ እሱራት ደቂ-ኣንስትዮ (2.4 ብሚእታዊት)፡ ኣብ ሃይቶት ደማ (1.5 ብሚእታዊት) ተራእዩ።

### ሀፓታይትስ 'ቢ' ካብ ኣደ ናብ ዕሸል

እቲ ሕማም፡ 90 ሚእታዊት ኣብ ግዜ ሕርሲ ይመሓለልፍ። ስለዚ ዕሸል ውልድ ምስ በሉ፡ ብጦበእ ክታበት ክወሰድ ይግባእ። ብጦበእ ዝተኸተበ ህጻን ካብ መልከፍቲ እቲ ሕማም - ካብ 90 ክሳብ 95 ሚእታዊት ክከላኸል ይኽእል።

### ሀፓታይትስ 'ሲ'

* ማጠን መልከፍቲ ሀፓታይትስ 'ሲ' ብደረጃ ዓለም - ኣስታት 177 ሚልዮን ይበጽሕ። ካብዚ ኣሃዝ፡ እቶም 4.6 ሚእታዊት ትሕቲ 15 ዓመት ህጻናት እዮም።

* እቶም 2.9 ሚእታዊት ግዱይ ናይዚ ሕማምዚ ኣብ ኣፍሪቃ ይርከቡ።

* ዓመታዊ 1.75 ሚልዮን ሰባት በዚ ሕማም ይልከፉ።

* ብጠቕላላ ከባቢ 399,000 ሰባት በዚ ሕማም ህይወቶም ይስእኑ።

ሀፓታይትስ 'ሲ' ቫይረስ - ኣብ ኤርትራ ብዙሕ መልከርፍቲ ስለዘየለ፡ ከም ዓቢ ጸገም ኣይርአን።

### ጠንቅታት ነድሪ ጸላም ከብዲ

ትሑት ኣካላዊን ከባቢያውን ጽሬት፣ ምጥቃም ዘይቅዱዕ መድሃኒት፣ ዝተበከለ መግብን ማይን፣ ምጥቃም ዘይመኸነ ቡሕቲ መሳርሒታት፣ ምስ ግዱይ ናይ'ቲ ሕማም - ከም መብልዕን ሽንኮታን ዝኣመሰሉ ኣቕሑ ብሓባር ምጥቃም ወዘተ።

### ምልክታት ነድሪ ጸላም ከብዲ

ቆርበት ሰብነት፡ ጻዕዳ ዓይንን ጉምቦ ኢድን ብጫ ሕብሪ ምሓዝ ፣ ምጉዳል ሸውሃት፣ ወጽኣት (ሳሕቲ)፣ ዕውልወል ምባልን ተምላስን (ሳሕቲ) ምፍዛዝን ድኻም ሰብነትን፣ ዘይንብር ትሑት ዓቐን ረሰኒ፣ ምቕናስ ክብደት ሰብነት፣ ቃንዛ ኣብ የማናይ ሸነኽ ላዕለዋይ ክፋል ከብዲ፣ ምብጫው ሽንቲ ወዘተ።

### ፍወሳ

ሕማም ሀፓታይትስ ከም ዓይነቱ ዝተፈላለየ ሕክምናዊ ፍወሳ እዩ ዝውሃብ።

ሀፓታይትስ 'ኤ'

እዚ ዓይነት ሕማም ወይቦ ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ብምዃኑ፡ ከበድ ሕክምናዊ ፍወሳ ዘድልዮ ኣይኮነን። ግቡእ ዕረፍትን ድቃስን ክትረክብ ከም ዘለካ እዩ ብሓኪም ዝምከር። ተምላስን ወጽኣትን ምስ ዝህልወካ ድማ ሓኪም ዝህቡኻ "ተመጣጣኒ መግቢ ምብላዕን ደርቀት ንምክልኻል ብብዝሒ ፈሳሲ ምውሳድን" ዝብሉ ኣገባብ ፍወሳ ብጦበእ ምኽትታል የድሊ።

ሀፓታይትስ 'ኤ' ንምፍዋስ ዝተዳለወ ክታበት ኣሎ። ኩሎም ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ኣብ መንጎ 12 ክሳብ 18 ዓመት ዘሎ ዕድመ ከም ዝወስድዎ ይግበር እዩ። ንኣባጽሕ ዝወሃብ ክታበት'ውን ኣሎ። ምስ ክታበት ሄፓቲቲስ 'ቢ' ተሓዊሱ ድማ ይውሃብ።

ሀፓታይትስ 'ቢ'ን 'ሲ'ን

እዞም ኩሎም ዓይነት ሕማም ወይቦ ብጸረ-ቫይረስ መድሃኒት እዮም ዝፍወሱ። ንነዊሕ ግዜ ምስ ዝወሃብ መድሃኒታት ግቡእ ምኽትታል ብምግባር ድማ ይፍወሱ።

### ሀፓታይትስ 'ዲ'

ዛጊት ዝኾነ ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ኣይተረኽበሉን ዘሎ። ነዚ ሕማምዚ ንምፍዋስ 'ኣልፋ ኢንተርፌሮን' (alpha interferon) ዝተባህለ መድሃኒት እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዘሎ። ብጠቕላላ ጸቡቕ ወጽኢት ከም ዘርኣየ ድማ ሕክምናዊ ጸብጻባት የረድኡ።

### ሀፓታይትስ 'ኢ'

ሀፓታይትስ 'ኢ'፡ ዛጊት ንጹር መድሃኒታዊ ፍወሳ የብሉን። ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ብምዃኑ፡ ግዱያት ናይዚ ሕማም ግቡእ ዕረፍቲ ክረኽቡ ይምከሩ። ብዙሕ ፈሳሲ ክወስዱ፡ ዝተመጣጠነ መግቢ ክምገቡ፡ ካብ ኣልኮላዊ ማስተ ክሕረሙ ይግባእ። ሓንቲ ነፍሰጾር በዚ ሕማም ምስ እትልከፍ ግቡእ ሕክምናዊ ምክትታት ክትገብር ሓኪማ የገናዕሩ።

ነድሪ ናይ ጸላም ከብዲ ቀንዲ ኣሸጋሪ ዝዕበር - ፍርቂ ካብቶም ግዱያት ሕዱር ሕማም ናይ ቫይረስ ሀፓታትስ 'ቢ' (HBV) ዝኾኑ ሰባት፡ ምልክት ናይቲ ሕማም ከየርእዩ ነዊሕ ግዜ ስለዝጸንሑ፡ ብዘይ ፍላጥ ንኻልእ ሰብ ስለ ዘመሓላልፉ፣ መብዛሕትኦም ግዱያት ነቲ ምልክት ብኣጋ ስለ ዘየለልይዎ፡ ናብ ሕክምና ኣብ ዝበጽሕሉ እዋን ደረጃኦም ኣብ ሕማቕ ኩነታት ስለ ዝጸንሕ እዩ።

ዘቤታዊ ፍወሳ ሕማም ነድሪ ጸላም ከብዲ

= ንጥፈታትካ ምጉዳል፡

እቲ ሕማም ምስ ዝረኣየካ ናብ ስራሕ ወይ ናብ ትምህርቲ ምኻድ ግቡእ ኣይኮነን። ንዝተወሰነ ግዜ ክሳብ እቲ ሕማም ዝልለን ዝፍወስን ኣብ ዓራት ምጽናሕ። ኣህላኺቲ ልዑል ጸዓት ዝሓትቱ ነገራት ካብ ምስራሕ ምቝጣብ።

= ኣመጋግባ ምሕላው፡

ዋላኳ ሸውሃትካ ብምዕጻው ምብላዕ ትሽገር እንተኾንካ - ተጸሚምካ መግቢ ክትወስድ ከም ዘለካ ግን ዘይምዝንጋዕ።

= ጸምኣት ሰብነት ኣወግድ፡

ብፍላይ ተምላስን ወጽኣትን ምስ ዝህልወካ፡ ብብዝሒ ፈሳሲ ክትወስድ ይግባእ።

= ኣብ እትወስዶም መግብታት፡ ልዑል ቅብኣትን ፕሮቲንን ከይህሉ ምኽትታል።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ክረምትን ንባብን

ሓድሽ ሓበሬታ ክነኻዕብት፡ ንመላእ ዕምርና ዝኹነና ፍልጠት ክንምእርር ክነካይዶ ዘወራሕና ጕዕዞ ትምህርቲ፡ ክንደይ ሓበሬታ ሒዝና ኣለና? ዝኣከብናዮ ፍልጠት ኣወሃሂድና ክንገልጾ ንኽእል ዲና? ብዝብል መርመራ ዛዚምናዮ ንርከብ። እዚ ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና እዋን፡ ንዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ መሰጋገሪ፡ ብጸወታን ንባብን ሓድሽ ፍልጠት ንድህሰሉ ግዜ'ዩ። እዋን ክረምቲ ምስ ደቂ ገዛውትና ብምኳን ናይ ስፖርት ዕቑር ክእለትና ንፍትሽሉ፡ ምስ ኣባሓጎናን እኖሓጎናን ነዋግዓሉ፡ ምስ ኣዝማድና ንላለየሉ፡ ሓድሽ ሞያ ንምሃረሉ ክኸውን ዘለዎ'ዩ። ክረምቲ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕምና ነጠናኽረሉ ግዜ። ነዚ ከነማልእ ከኣ ኣብ ክረምቲ ካብቲ ክንገብሮ ዘለና ሓደ ምንባብ'ዩ። ካብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ወጻኢ መጽሓፍቲ ብምንባብ፡ ኣድማስ ኣተሓሳስባና ነስፍሓሉ፡ ምስ መዛኑና ብምኳን ብዛዕባ ዘንበብናዮም ጽሑፋት ብምልዛብ ዕምቈት ኣመለኻኽታና ነዕብየሉ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ፡ ካብ ንባብ ክንረኽቦ ንኽእል ረብሓታት ብዝብል ኣርእስቲ፡ ካብ መርበብ ሓበሬታ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ናባኹም ከብሎ መሪጸ ኣለኹ። ንስኻትኩም ከኣ መጽሓፍ ብምንባብ ዝረኸብኩሞ ጥቕሚ ወይ ሓንቲ መጽሓፍ ኣንቢብና ካብኣ ንመሃሮ ሓሳባት ክተካፍሉ እምሕጸን።

1. መጽሓፍቲ መንገዲ ፍልጠት እዮም፣ መጽሓፍቲ ናይ ብምሉኡ ናይቲ እንሓስቦ ኣርእስታት መኽዘን ፍልጠት'ዮም። ብመንገዲ መጽሓፍቲ ናብ ታሪኽ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ፍልስፍና ንንቀት። ከምኡ'ውን ንሓደሽቲ ልምድታትን ተገዳስነትን ክንድህስስ የኽእለና። ብሓጺሩ መጽሓፍቲ መንገዲ ብምኳን፡ ናብ ፍልጠት የብጽሓና። መጽሓፍቲ እኩብ ሓበሬታ'ዮ። በዚ ሓበሬታ ድማ ናብ ዘበሃግናዮ ንስጋገር።

2. ምንባብ ማህደር ቃላትና የማሓይሾ፣ ብስሩዕ ምንባብ ናብ ዝተዘርግሐ ማህደር ቃላት ይወስደና፡ ናይ ምብህሃልን ተገንዝቦን ዓቕምና የበርኾ። ኣብ ንባብ ምስ ሓደሽቲ ቃላት ክንላለ፡ ትርጉማቶም ክንፈልጥ ንኽእል።

3. ምንባብ ናይ ምዝካር ክእለትና የዕቢ፣ ምንባብ ንኣእምሮ ስለ ዝጸምዶ፡ ኣእምሮና ንጡፍ ክኸውን የኽእሎ። ብምንባብ ተሓጊዝና ድማ ኣእምሮና ክበልሕና ናይ ምዝካር ዓቕምና ክብርኽን የኽእለና።

4. ምንባብ ጸቕጢ የጉድል፣ ምስ ብሉጻት መጽሓፍቲ ተጸሚድካ ምውዓል ኣእምሮና ካብ ወጥሪ ንኽሰምልጥ ይሕግዞ። ምንባብ ካብ መዓልታዊ ቃዝኖት ግዝያዊ ዕረፍቲ ዝፈጥር ስለ ዝኾነ፡ ናይ ምዝናይ ዕድል ይህበና። ብመንገዲ መጽሓፍ ሓደሽቲ መንገድታት፡ ኣነቓቓሕትን ኣተባባዕትን ሓሳባት ስለ ንረክብ ካብ ዘለናዮ ሃዋህው ተናጊፍና ናብ ካልእ ብምጕዓዝ ካብ ጸቕጥን ምርባሽን ንገላገል።

5. ብኣቓልቦ ናይ ምዕያይን ኣቶኲሮና ናብቲ ዘገድሰና ዕዮ ክቃነን ዕድል ይፈጥረልና፣ ሎሚ ንኣእምሮና ናብ ዝተፈላለየ ዝኸፋፍሉ፡ ኣተኲሮና ዝመቓቕሉ ጕዳያት ብዙሓት እዮም። ጌም፡ ናይ ተለቪዥን ምርኢታት ገለ ካብቶም ዝፈታትኑና ልምድታት እዮም። ብሰንኪ እዞም ንኣእምሮና ዝሓዝኡ ተግባራት ድማ ክንገብሮ ዝግብኣና ዕዮ ኣብ ግዚኡ ኣይንፍጽምን፡ ዘድልየና ነገራት ክንመምን ክንዓይን ንሸገር። ንባብ ግን ብኣቓልቦ ክንዓይን ንዝነውሐ ግዜ ናብቲ ዘገድሰና ነገር ክንቃነ ሓይሊ ይህበና።



6. ተደናገጽቲ ክንከውንን ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ ክንሕዝን ይገብረና፣ መጽሓፍቲ ኣብ ጫማ ናይቶም ልብ-ወለደውያን ጠባያት ክንኣቱ ብምግባር፡ ስምዒቶም ክንካፈል ብምፍቓድ፡ ንዝተፈላለዩ ኣመላኻኽታታት ብዕምቈት ክንርዳእ ይሕግዘና። እቲ እቶም ጠባያት ዝኽተልዎ መንገዲ፡ ናይ ህይወት ቃልሲ ክሰግሩ ዝሓለፍዎ መከራ፡ ብሽግራቶም ክንደናገጽ፡ ብጥበቦም ክንምሃር የኽእለና።

7. ፈጠራውነትና የበርኽ፣ ምንባብ ምስ ሓደሽቲ ሓሳባት ከም ንላለ ብምግባር፡ ብሓሳብና ከነሰላስሎ የኽእለና። ተመኲሮ ጠባያት ክንካፈሎ፡ ካልእ መፍትሒ መንገዲ ክንርኢ ዕድል ይህበና። በዚ ኸኣ ናይ ገዛእ ርእስና ፈጠራውነት ክንፈጥርን ጸገማት ናይ ምፍታሕ ዓቕምና ከነበርኽን የኽእለና።

8. ሓያል ናይ ምጽሓፍ ክእለት የማዕብለልና፣ ንፉዕ ኣንባቢ፡ ንፉዕ ጸሓፊ'ዩ ዝብል ኣባሃህላ ኣሎ። ብስሩዕ ክነንብብ ምስ እንጅምር፡ ንሓሳብና ብስሩዕ ቅርጽን ጥበብን ክንጽሕፎ፡ ሓሳብና ብንጹር ብጽሑፍ ክንገልጾን የኽእለና።

9. ምሸው ድቃስ ይፈጥረልና፣ ቅድሚ ናብ ዓራት ምኻድና መጽሓፍ ገንጺልና ምስ እነንብብ፡ ነቲ ኣብ መስኮት ተለቪዥንን ሞባይልን እነጥፍኦ ግዜ ስለ ዝቕንሰልና፡ ናብ ዓራትና ኣብ ግዜና ክንከይድ ይሕግዘና። ከምኡ'ውን እቲ ንባብ ዝፈጥረልና ህድኣት ክንዛነ ስለ ዝሕግዘና ምሸው ድቃስ ይፈጥረልና።

10. ንሓድሽ ዓለም በሪ ይኸፍተልና፣ መጽሓፍቲ ናብ ዝተፈለየ ግዜ፡ ቦታ፡ ክውንነት የጓዑዝና እዮም። ምንባብ ኣብ ዘይነብርናዮ ቦታን ግዜን ክንህሉ፡ ዘይንፈልጦም ክውንነት ክንሳተፎም ዕድል ይህበና። በዚ ኸኣ ካብቲ ዘለናዮ ምሹው ስፍራ ኣልዒሎም፡ ንልቢ ዘንጠልጥሉ ቅያትት ክንምኩሮም፡ ታሪኻውያን ፍጻሜታት ክንሳተፎም፡ ፈንጠዝያውያን ጕዕዞታት ክንከዶም ዕድል ይፈጥሩልና።

11. ምሉእ ዕድሜና ፍልጠት ነኻዕብት፣ ንባብ ጕዕዞ ናይ ምሉእ ዕምሪ ፍልጠትን ነብሰ-ዳህሰሳና እዩ። ዕድመናን ዝንባለናን ብዘየገድስ ብመንገዲ ንባብ ወትሩ ሓድሽ ፍልጠት ንምሃር። ዓለም ኣብ ቀጻሊ ለውጢ ከም እትርከብ መጠን፡ ንሕና'ውን ብመንገዲ ንባብ ምስኣ ክንጕዓዝ ንኽእል።

12. ናይ ምብህሃል ዓቕምና የበርኽ፣ ንባብ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ዘለና ፍልጠት ስለ ዘዕቢ፡ ምስ መዛኑና ክንላዘብ የኽእለና፣ ርክባት ይፈጥረልና። ሓሳብና ብስሩዕ ክንገልጽ ዕድል ስለ ዝፈጥረልና፡ ርቱዕ ኣንደበት ክህልወና፡ ሓሳብና ብኣጋባብን ኣእማንን መንገዲ ከነቕርብ ዕድል ይህበና።

13. ምስ ባጀትና ዝኸይድ ናይ ምዝንጋዕ ኣማራጺ ይፈጥረልና፣ መጽሓፍቲ ምስ ካልኦት ናይ ምዝንጋዕ ኣመራጺታት ክነወዳድሮ ከለና፡ ኣብ ርእስቲ ኣድማስ ፍልጠትና ዘበርኾ ብተዛማዲ ዝሓሰረ ባጀት እዩ ዘለዎ። በዚ'ዮም ድማ መጽሓፍቲ ምስ ባጀት ተመሓዛዘውቲ ዝብልዎም።

14. ስድራቤታዊ ምትእስሳር ይፈጥር፣ ምስ ስድራቤትካ ኴንካ ምንባብን ንዘንበብካዮ ምክፋልን ዘይሃስስ ዝኽሪ ኣብ ምፍጣርን ስድራቤታዊ ዝምድና ኣብ ምሕያልን ልዑል ግደ እዩ ዘጻወት።

15. ተመራጺ ህያብ እዩ፣ መጽሓፍ ከም ህያብ ምብርካት ግዜ ዘየጥፍኦ ዝኽሪ ምፍጣር ማለት'ዩ። ንእንፈትዎ ሰብ መጽሓፍ ምሃብ ንዕቤቱ ዘለና ባህጊ መርኣያ እዩ። ነቲ ተቐባሊ ኸኣ ዘይርሳዕ ዝኽሪ ንፈጥረሉ ብምህላውና ወትሩ ከመስግነና ክነብር'ዩ።

ካብዛ ዝሓለፍናያ ዓመተ-ትምህርቲ ዝሓሸና ኴንና ናብ ናይ ንዓመታ ዓመተ-ትምህርቲ ክንቀርብ ኣብዛ ክረምቲ ነንብብ። ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ወቕቲ ክረምቲ ክነንብቦ ዘለና መጽሓፍቲ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ብምንጻር ውጥን ነውጽእ። ሎሚ ጽባሕ ከይበልና ኸኣ ሕጂ ምንባብ ንጀምር።

**ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)**

**ሓ/ጕ/እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ**

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ምስጢር እተን ባምቡላታት

ኣብ ሓዳሮም፡ 60 ዓመት ዝገበሩ ሰብኣይን ሰበይትን ነበሩ። ኣብቲ 60 ዓመት ዕድመ ሓዳሮም፡ ኵሉ ነገር ተወሃሂቦም። ብዛዕባ ኵሉ ነገር ኣዕሊሎም፣ ኣብ መንጎኦም ምስጢር ዝብሃል ኣይነበረን፣ ብዘይካ ሓንቲ ናይ ጫማ ባኮ። እታ ሰበይቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣርማድዮኦም እተቐምጣ ሓንቲ ናይ ጫማ ባኮ ነበረታ። ነታ ባኮ ከይከፍታን ብዛዕባኣ ከይሓትትን ንሰብኣያ ቃል ኣእትያቶ ነበረት።

እቲ ኹሉ ዝሓለፈ ዓመታት፡ እቲ ሰብኣይ ቃሉ ሓልዩ ነታ ባኮ ከፊቱ ርእዩዋ ኣይፈልጥን፣ ብዛዕባኣ'ውን ሓቲቱ ኣይፈልጥን። ሓደ መዓልቲ እታ ሰበይቲ ብጽኑዕ ሓመመት፣ ከም ዘይትሓዊ'ውን ብሓኪም ተነግራ። እቲ ሰብኣይ ጕዳይ ዋኒኖም እናጻፈፈ እንከሎ፡ ነታ ባኮ ረኣያ። ካብ ዝነበረቶ ኣውሪዱ፡ ኣብ ዓራት ተጋዲማ ንዝነበረት ሰበይቱ ብምሃብ፡ ኣብ ጐድና ኮፍ በለ። እታ ሰበይቲ፡ 'ሕጂ፡ ምስጢር እዛ ባኮ ዝፈልጠሉ ግዜ ኣኺሉ'ዩ፡' ኢላ ብምሕሳብ ከፊቱ ክርእያ ፈቐደትሉ። ክልተ ብፈትሊ ዝተኣልማ ባምቡላን 95,000 ዝኣክል ሰልድን ጸንሖ።

"ኣቲ እንታይ ድኣሉ'ዚ?" ብምባል ተገሪሙ ሓተታ።



"ክንምርያ እንከለና፡" በለት ሰበይቱ፣ "ዓባየይ ምስጢር ቈየቛ ዘይብሉ ሕጉስ ሓዳር ኣዕሊላትኒ ነበረት። ብኣኻ ኣብ ዝሓረቐሉ ግዜ፡ ብፈትሊ ገይረ ባምቡላ ክኣልም ክጅምርን ምሳኻ ክዛረብ ከም ዘይብለይን ነጊራትኒ። ከምኡ ድማ እገብር ነይረ፡" ክትብል ምስጢር እተን ባምቡላ ገለጸትሉ።

እቲ ሰብኣይ ብዘረባ ሰበይቱ ተተንከፈ። ነተን ኣብቲ ባኮ ዝነበራ ክልተ ምልኩዓት ዝበለን ባምቡላ ርእዩ፡ 'ኣብዚ ኹሉ ዓመታት ክልተ ግዜ ጥራይ ኣሕሪቐያ፣ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ዲና ኣሕሊፍና፡' ኢሉ ብምሕሳብ ብሓጐስ ክትኩስ ደለየ።

"ክብረተይ፡ ምስጢር እዘን ባምቡላስ ነጊርክኒ፣ እዚ ኹሉ ሰልዲኸ?" ክብል ሓተታ።

"ኣሃ እዚ ሰልዲ ደኣ ከምዚኣን ባምቡላ ሸይጠ ዝኣከብኩዎ'ዩ።"

Inspirationalshortstories.com

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሰብኣይ ክስተብህለሎም ዘለዎ ሓሳባት



ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ ሰብኣይን ሰበይቲን እዩ ዝጋሃድ። ሰብኣይን ሰበይቲን ክፋቐሩ ከለው፡ ትርጉም ሓቀኛ ፍቕሪ ይግለጽ። ፍቕሪ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምዃኑ'ውን ኣብኦም እዩ ዝንጸባረቕ። ፍቕሪ መዓልታዊ መንፈሳዊ መግቢ መጻምድቲ እዩ እንተበልና ኣየጋንናን። እቲ ምንታይ፡ ብዘይ ፍቕሪ ክዕየ ዝኽእል ነገር የለን። ኣብ ሓዳር፡ ኩሉ ነገር ብፍቕሪ ጀሚሩ'ዩ ብፍቕሪ ዝዛዘም። ህላወ ፍቕሪ ጥራይ'ዩ ንብደሆታት ናይ'ዛ መሰናኽላት ዝመልአ ዓለም ክስዕር ዝኽእል። ኣብ መንጎ መጻምድቲ ፍቕሪ እንተተዘየለ ግን ብሓባር ምንባር'ውን ብዓቢኡ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ - ፍቕሪ መዓልታዊ መግቢ መጻምድቲ እዩ። ከም'ቲ ብዘይ መግቢ ምንቅስቓስ ይኹን ምንባር ዘይከኣል፡ ኣብ ሓዳር'ውን ብዘይ ፍቕሪ ምንባር ስለዘይከኣል፡ ክልቲኦም መጻምድቲ ብማዕረ ፍቕሮም ክመግቡ ኣለዎም።

ፍቕሪ ሓያል ስሕበት ዘለዎ ረቂቕ ነገር'ዩ። ኣብ ጸልማት ብርሃን፡ ኣብ ድኻም ሓይሊ፡ ኣብ ሓዘን ሓጎስን ተስፋን፡ ኣብ ተስፋ ምቑራጽ - እምነትን ጽንዓትን ወዘተ ዝህብ እዩ። በዚ ድማ'ዩ ፍቑራት ሰባት ክትርኢ እንከለኻ፡ ፍሉይ ባህታን ስምዒትን ዝፈጥረልካ። ኣብ መንፈስካ ሓድሽ ሓይሊን ብርታዐን ዝሰኹዓልካ። ካብኡ ናብኡ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ሓዳር ዝመስረቱ መጻምድቲ ዘኽሰቶ ፍቕሪ ብኹሉ ነገራቱ ጸላውን ንተዓዘቦ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድርን እዩ። እዚም ዝስዕቡ እምበኣር፡ ሓደ ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ ፍቕሩ ንኽገልጸላ ዘኽእልዎ ነጥብታት እዮም፦

### 1. ምድናቕ

ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ ከድንቓን ኣድናቖቱ ክገልጸላን ካብ ማንም ሓብሬታ ዘየድልዮ ሓላፍነቱ እዩ። ማዕረኡ ምዃና ተረዲኡ ብዘይ ሕቡእ ፍቕሩን ኣብ ልዕሊኣ ዘለዎ ኣድናቖቱን ክገልጸላ ይግባእ። ፍቕሪ ኩነ ሓልዮት ዝመልኦ ኣድናቖት ብቓልን ብግብርን'ዩ ክርኣየ ዘለዎ። ንሳ'ውን ካብ በዓል ቤታ ናይ ቃልን ግብርን ኣድናቖት ክትሰምዕ ልዑል ባህጊ'ዩ ዘለዋ። እዚ ማለት፡ "እትገብርዮ ዘለኺ ኣዝዩ እዩ ዘድንቐ፣ ንዓኺ'ውን እምብዛ እዩ ዘፈትወክን ዘድንቐክን" ክብላ ትጽበ ምዃና ክፈልጥ ጸቢቑ'ዩ። ኣድናቖቱ ውጽኢታዊ ንክኸውን፡ ኣብ'ቲ ሓገዝ ዘድልዮ ዝበረ እዋን ንዘበረትሉ ውዕለት ከም ኣብኡ ጠቒሱ ከድንቓ ይምረጽ። ንኣብነት፡ "በዚ ዕለት'ዚ ወይ በዚ መዓልቲ'ዚ ዝገበርክለይ ሓልዮትን ለውሃትን እኮ መዳርግቲ ኣይነብሮን፣ ፍጹም'ዩ ካብ ኣእምሮይ ዘይርሳዕ፣ ስለ'ዚ ኣዝዩ እየ ብኣኺ ተሓቢነን ኩሪዐን ዘለኹ" እናበለ ተዘክሮታታ ዘሐድሰላ ኣድናቖቱ ክገልጸላ ኣለዎ።

### 2. ምኽባር

ዘይከባበሩ ሰብኣይን ሰበይቲን "መጻምድቲ እዮም" ኢልካ ክትዛረበሎም ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ሓደ ካብ'ቲ መጻምድቲ ዘብሎም ረቛሒታት፡ ኣብ መንጎኦም ዝህሉ ምኽባር እዩ። ብርዱእ ምኽንያት፡ ሰብኣይን ሰበይቲን ኣኽብሮት ክለግሱ ልዑል ድሌት'ዩ ዘለዎም። ከመይ ገይሮም ይኸባበሩ ድማ ዝተፈላለየ ሜላ ዝሓትት ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፡ ሰብኣይ ንሰበይቱ ብኹሉ ማዕረኡ ምዃና ርእዩ ኣኽብሮት ክርእያ ኣለዎ - ክንዕቃን ክናሽዋን ፍጹም ኣይግባእን። ዝንዕቃን ዘናሽዋን እንተድኣ ኮይኑ፡ ንገዛእ ርእሱ ይንዕቕን የናሹን ከምዘሎ ክርድኣ ጸቢቑ'ዩ። "ክቡር መጠን ኑብሱ የኽብረካ፣ ሕሱር ድማ መጠን ኑብሱ የሕስረካ እኳ ዝተባህለ!

ስለ'ዚ፡ ኣብ ሓዳር ንመጻምድትኻ ኣኽብሮት ምርኣይ ሓደ ካብቲ ፍቕርኻ እትገልጸሉ መሳርያታት ስለዝኾነ፡ ብፍላይ ሰብኣይ ክነቕሓሉ ዝግባእ'ዩ። ከየኽበርካ ከምዘይከበር ተረዲኡ፡ ንሰበይቱ፡ ብኣቀባብላኡ፡ ብኣዘራርባኡ፡ ምስ ካልኦት ሰብ ብዘለዋ ዝምድና (ምትሕውዋስ)፡ ብኣቀራርባ ኣደላልዋን መግቢ፡ ብኣተዓባብያ ክንክንን ደቃን በዓል ቤታን፡ ብኣተኣላልያ ሓዳራ ወዘተ ኣኽብሮቱ ክትገልጸላ ግዴታ ኣለዎ። ኣኽብሮት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክግለጽ ይከኣል። ንኣብነት፡ በዓልቲ ቤቱ ክትዛረብ እንከላ ጽን ኢሉ ብምስማዕ፣ ንእትህቦ ምኽሪን ሓሳባትን ብምቕባል፣ ሰበይቱ ኣብ ስራሓ ብእተርእዮ ትግሃትን መንፍዓትን ሞራልን ምትብባዕ ብምሃብ፡ ክኸውን ይኽእል። እዚ ብምግባር፡ ኣብ ልዕሊኣ ቅኑዕ ኣኽብሮት የርኢ ከምዘሎ ክፍለጥ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ንበዓልቲ-ቤቱ ካልኦት ሰባት ኩሎምዮዋን ክወቕሱዋን ክሰምዕ እንከሎ፡ ኣብ ክንድኣ ዝሓልፍን ዝጣበቐን ሰብኣይ፡ ኣብ ልዕሊ በዓልቲ-ቤቱ ግቡእ ኣኽብሮት የንጸባርቕ ከምዘሎ ምፍላጥ ጸቢቑ'ዩ። ንበዓልቲ-ቤቱ ኣሕሊፉ ዝሀብ ግን ኣብ ሓዳሩ ንፋስ ምእታው እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ክንድኣ ደው ኢሉ ኣኽብሮቱ ክገልጸላ ይምረጽ። ኣብ ዘቤታዊ ዕዮታት'ውን ብዝከኣሎ ተሳታፍነቱ ክዕዝዝ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ቁልዑ ኣብ ምድራርን ኣብ ምድቃስን፡ ቁልዑ ኣብ ምሕጻብ፡ ኣቕሑ ገዛ ኣብ ምሕጻብን ካልእን ምስታፍ ካልእ መግለጺ ኣኽብሮት'ዩ። ከም'ዚ ምግባሩ፥ በዓልቲ ቤቱ ኣብ ልዕሊኡ እወታዊ ኣመለኻኽታ ክህልዋ ይሕግዝ። እዚ ከኣ፡ ንፍቕሮምን ሓድነቶምን ዘትርር ሓይሊ ይኸውኖም።

### 3. ሮማንቲክ ምዃን

"ሮማንቲክ" ማለት ፍቕሪ ማለት'ኳ እንተኾኑ፡ ዝያዳ ግን ኣብ ስምዒት ዝዘንበለ ፍቕሪ ማለት'ዩ። ገለ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ በዓልቲ-ቤቶም ብባህሪኦም ሮማንቲክ ክኾኑ እንክለው፡ ገለ ግን ኣይኮኑን። ደቂ-ኣንስትዮ ግን፡ እተን ዝበዝሓ ብባህሪኣን ሮማንቲካዊ ጠባይ ከምዘለወን እዩ ብኽኢላታት ዝግለጽ። ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኑቲ ሮማንቲክ ናይ ዘይምዃን ባህሪ በዓል-ቤተን ጸቡቕ ገይረን ዘየገንዝባኣ ምዃነን፡ ክኢላታት ስነ-ልቦና ይሕብሩ። ሓደ ወዲ-ተባዕታይ ሮማንቲክ ክኸውን ኣብ ዝፍትነሉ እዋን፡ ኣድናቖተን ዝገልጻሉን ዘተባብዕዎን ድማ፡ በዚ ምኽንያት ምዃነን ክኢላታት ወሲኾም የረድኡ። ስለዚ፡ ሮማንቲካዊ ጠባይን ክእለትን ምህላው፡ ኑቲ ኣብ ውሽጥኻ ተቐቢሩ ዘሎ ፍቕሪ በዓልቲ-ቤትካ፡ ፈጠራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ክትገልጾ ስለ ዝሕግዞ፡ ንህይወት ናይ ሓዳርካ ዝቐለለ'ዩ ዝገብሮ። እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኮነ፡ ብፍላይ እቶም ሮማንቲካዊ ባህሪ ወይ ክእለት ዘይብሎም ሰብኡት፡ ዋላ ኣይኽኣልዎ፡ ዓቕሞም ብዝፍቅዶ ፍቕሮም ክገልጹ ይግባእ። ምስ ዝፍትኑ'ውን፡ ካብ ኣንስትዮም ብዘይ ጥርጥር ምትብባዕን ኣድናቖትን ክረኽቡ ምዃኖም ክየገንዝቡ እቶም ክኢላታት ይመኽሩ።

### 4. ፍቕርኻ ምርኣይ

ንበዓልቲ-ቤትካ ከየፍቀርካ፡ ሮማንቲካዊ በዓል-ቤት ክትከውን ፍጹም ከምዘይከኣል ምሁራት ስነ-ልቦና ይገልጹ። እዚ ማለት፡ ፍቕሪ መሰረት ምዃኑ ንምሕባር'ዩ። ንበዓልቲ ቤትካ ምፍቃር ማለት ድማ፡ ሮማንቲክ ንኽትከውን ዝኣስረካ ገመድ ምዃኑ ይሕብሩ። ኣብ ልዕሊ በዓልቲ-ቤትካ ፍቕርኻ ምርኣይ ድማ፡ ብሓደ ግዜ ሓደ ዓቢ ነገር ምግባር ዘይኮነስ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ንኣሽቱ ነገራት ምግባር'ዩ። ምኽንያቱ፡ እቶም ኣብ መዓልቲ ዝትግበሩ ንኣሽቱ ነገራት፡ ተኣኪቦም ዓቢ ነገር ክኾኑ እዮም። ሓደ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊ በዓልቲ-ቤቱ ፍቕሩ ከርእየሉ ዘኽእልዎ ብዙሓት መገዲታት ከም ዘለዉ ተገንዚቡ፡ ከይተደረተ፡ ብቶም ንኣሽቱ ነገራት ጀሚሩ ፍቕሩ ክገልጸላ ኣለዎ።

### 5. ኣኽብሮት ስድራ-ቤት ምህላው

ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ዝያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ግዱሳት ምዃነን ርዱእ እዩ። ሰብኡተን ኣብ ካልኦት ሰባት ዝገብርዎ ተገዳስነት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ስድራ-ቤት ዝህልዎም ጠመተን ኣኽብሮትን ኣመና የገድሰን። ዓቢ ግምት ስለዝህባኦ ድማ፡ በዓል-ቤተን ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብሉጽ ክኸውን ቀዳማይ ትምኒተን እዩ። ኣብ ስድራ-ቤቱ ይኹን ኣብ ስድራ-ቤተን፡ ሰብኡተን ግዱሳትን ኣኽብሮት ዝህቡን ክኾኑለን ይደልያን ይጽበያን። ስለ'ዚ፡ ሓደ ሰብኣይ ነዚ ተረዲኡ፥ መኽበሪ ስድራ-ቤቱን ስድራ-ቤት በዓልቲ-ቤቱን ክኸውን ይግባእ። ብዛዕባ ስድራ-ቤቱን ብዛዕባ ስድራቤት በዓልቲ-ቤቱን ከማርርን ብዛዕባኦም ሕማቕ ነገር ክዛረብን ፍጹም ባህጊ በዓልቲ ቤቱ ዘይምዃኑ ክፈልጥ ጸቢቑ'ዩ። ኣኽብሮቱ ዝገልጸሉ ኣገባብ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዘድሊ ግዜ ንዋታዊ ወይ ሞራላዊ ሓገዝ ብምግባር ክኸውን ከሎ ዝያዳ ውጽኢታዊ ይገብሮ። ምስ ስድራቤቱን ስድራቤታን ኩሉ ግዜ ፍሕሹው ገጽ ክህልዎ ከኣ፥ ትጽቢት በዓልቲ ቤቱ ምዃኑ ክርዳእ ኣለዎ።

### 6. ብዛዕባኣ ዝፍቅሮ ነገር ምሕባር

ደቂ-ሰብ ኑቲ ብዛዕባኦም እተደንቕ ነገር ክትገልጸሎም ኣዝዮም ከም ዘበህጉ፡ ኩልና እንምስክሮ ሓቂ'ዩ። ዝ. ከኣ፥ ሓደ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ብተደጋጋሚ ክንሰምዖ ንደሊ። ካብኡ ናብኡ፥ ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ኑቲ ብዛዕባኣን እተፍቅሮ ነገር ክትገልጸለን ብፍሉይ ከም ዝብህጋ፡ ክኢላታት ስነ-ልቦና ይሕብሩ። ሓደ ሰብኣይ፥ ንበዓልቲ-ቤቱ ኑቲ ብዛዕባኣ ዘድንቖ ነገር ብዝይ ሕቡእን ቃል ዓለምን ክገልጸላ ኣለዎ። ትጽቢት በዓልቲ ቤቱ'ውን ከምኡ እዩ። ንኣብነት፡ ብዛዕባ ርህራሀኣ፥ ቅንዕናኣ፥ ዋዛታታ ይኹን ካልእ ብዛዕባኣ ዝምስጦ ነገር ከይሓብኣ ክገልጸላ ግቡእ'ዩ። ብዓቢኡ'ውን ኑቲ ክልቲኦም ሕጉስ መነባብሮ ንኸሕልፉ እተገብሮ ዘላ ጻዕርን ሓርኮትኮትን ጸቡቕ ገይሩ ክገልጸላ ኣለዎ።

### 7. ንዓኣ ቁጸሪ ሓደ ምዃና ምርኣይ

ክልቲኦም መጻምድቲ ንሓድሕዶም ቁጸሪ ሓደ ምዃኖም ክየላልዩ ባህጎም እዩ። ኣብ ህይወት፡ ንሱ ንዓኣ፥ ንሳ'ውን ንዓኡ ቁጸሪ ሓደ ምዃኖም፡ ብግብሪ ክረኣኣዩ ልዑል ትጽቢት ኣለዎም። ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕቲታት ከኣ፥ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሰብኡተን ኣብ ሂወቶም ቀዳሞት ምዃነን ክገልጹለን ይምነያ። ስለ'ዚ፥ ሰብኣይ ዝ. ተገንዚቡ ኣብዛ ዓለም ኣብ ህይወቱ ቀዳሚት በዓልቲ-ቤቱ ዝሰርዕ ነገር ከምዘየለ መዓልታዊ ክርኢያ ኣለዎ። በዓልቲ-ቤቱ ንዓኡ ዝተዓደለት ብልጽቲን ፍልይቲን ፍጥረት ምዃና ክሕብራ ይግባእ። ካብቶም ንኣሽቱን ቀለልቲን ነገራት ተበጊሱ ልዑል ኣድህቦ ክህባ ጸቢቑ'ዩ። ክትዛረቦ እንከላ ከንጸርጽርን ከውጫጭን የብሉን። ንኽልቲኦም ኣብ ዝምልከት ጉዳይ ሓሳብ ክቕበልን ጽን ኢሉ ክሰምዓን ግቡኡ እዩ። ናይ ሓደ ስድራ ዝምድና፡ ምጽእ ኢሉ ዝሀጽ ዘይኮነስ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ፥ ካብ ህሞት ናብ ህሞት ብዘዕንደቑ ስምምዓትን ምኽባርን እዩ ዝሕይልን ነባሪ ዝኸውንን። ንሓዳር ሓያልን ተፈታውን ዝገብሮ ድማ እዚ እዩ።




**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 19:20 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሰነዳዊ ፊልም ስ-ጥንታዊ ቦታ ኣዱሊስ 1ይ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ት/ዕድመ ሂወት ኣሮን ተሰፋልደት ምግቢ ተረፉ፣ ፍረሂወት ኣሮን ተሰፋልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ካሕሳይ ፍስሓጽዮን ክፍሉ ኣደይ ዝፋን ምስየኽ ዘወልዲ ብሂወት ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ካብ ሓፍተይ ነ/ሄሪት ኣቦኡ ምስየኽ ዘወልዲ ብለቦ ዝረኸብኩዎ ገዛ፡ ቤ/ፍ ጉዳይፍን ሰማባልን ብዕለት 27/4/2012፡ ቁ.12/12 ዋንኡ፡ ዘረጋገጸለይ፡ ኣብ ኣስመራ ከበ. ሰምባል እንዳርጎ ዝርክብ ገዛ ኣፓርታማ ፕሎት 301 ካብ ዓለም ብሞት ካብ ዝፍለ እዋን ወደይ ኣቶ ካሕሳይ ፍስሃጼን ክፍለ ጥራይ ክወርሶ ድልየተይ ምኳኑ ብዘይ ገለ ተጽዕኖ ጸቕጢን ብስ/ሕ/ዓ/1880/1883 መሰረት ኣብ ቅድሚ ቀንስላዊ ጉዳያት ኤርትራ ኣታሊን ኣርባዕተ መሰኻኽርን ቀሪባ ብዕለት 18/10/2018 ስለዋ ሂባትኒ ስለዚ ኣደይ ስለዝዋረሪት ስለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ፍስሃጼን ተሰፋጊብርኤል፡ እማኡ ዳጽዮም ተሰፋይ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ መተኻን ተኸስተ፡ ተኸሳሲ ጎይትኦም ገብረያወሃንስ ደስታ፡ ንዓይ መኪና ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ወረ/ፍ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ ትኳቦ ነ/ሄሪት ኣስመረት ሃብተማርያም ኣቶ ሚኪኤል ዘርእዝጊ፡ ተኸሰስቲ 1. ሰወእ ተወልደ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ ተተካእቲ ደቁ 1.1 ሄርሞን ተወልደ 1.2 ልዋም ተወልደ 2.ጸገወይኒ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 3.ማኣዛ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 4. ትርሓስ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 5.ንኣምን ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 6. የዕበዮ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ማሰፍን ሃይለ ጎይትኦም፡ ሓወይ ጨዓይ ሃይለ ጎይትኦም ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላማዊት በቀለ፡ ብዓል ቤተይ ኣደም ሓጎስ ናስር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰናይት ኣድሓኖም ገብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ተኸለኣብ ብርሃ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሪ ልኡል ተሰፋማርያም ዓንደገርጊሱ፡ ብወኪል ኣቶ ኣብርሃም ተሰፋማርያም ኣቢሉ፡ ተኸሳሲ ጉብረክርስቶስ ተኽለ በርሀ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኪዳነ ገብረያወሃንስ ሓጎስ፡ ምብራቕ ገብረያወሃንስ ሓጎስ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ሀልዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲ 6 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃ ወልደሚካኤል መሸሻ፡ ብዓልቲ ቤተይ እልፍኘሽ ፍስሃየ መሻሻ ስለዝዋረረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣይንኣለም ገብረእየሱስ ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረቱ ሙብራህቱ፡ ጓንገል ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ


ምሕረትኣብ ተሰፋጋብር ዑቕባዝጊ፡ ኣቦና ተሰፋጋብር ዑቕባዝጊ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ይቕረብ።


ADVANCED COMPUTER TECH

**ኣድቫንስ ኮምፒተር ተክ ናይ ኮምፒተር ስልጠና ብኽልሰ ሓሳብን ግብርን ምኩራት ብዝኾኑ መምህራን ምዝገባ ጀሚሩ ኣሎ**

ነዘን ዝስዕባ ናይ ኮምፒተር ስልጠናታት ብርትዓዊ ዋጋ መጺኹም ክትምዝገቡ ብክብሪ ንዕድም።

1- በዚክ ኮምፒተር ኦፊስ_(Basic Computer &Ms Office)
2- ረቪት_ንድፊ ህንጻ_(Revit_Building Modeling Software)
3- ኣካውንቲንግ (ሕሳብ)_(Accounting Principles and Software)



| 1. ASSETS (100-199) | |
|---|---|
| Current Assets (100 – 150) | |
| Account Title | Account No. |
| Cash | 101 |
| Marketable Securities | 102 |
| Accounts Receivable | 103 |
| Notes Receivable | 104 |
| Inventory | 105 |
| Prepaid Insurance | 106 |
| Etc | |

ኣድራሻ፣ ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ፊት ዶልቸ ቪታ ካፊ
ብኣካል ወይ ደዊልኩም ንኖኤል(07260449)/ንሳምሶም(07366817) ተወከሱ ብደሓን ምጹ።




# ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH

ዘርእስታ ሓደስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ሓዳስ መጽሓፍ




ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ
- ☑ ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ☑ ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ☑ ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ☑ ማትሪክ መሰል ሕቶታት

ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676



# ብስራት ካብ መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ብኣዝዩ ምኩራት መማህራን ንኹሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዘዘጥዕሞም ሰዓታት ስልጠና ይህብን ከምቲ ልሙድ ክረምታዊ ምዝገባ'ውን ጀሚሩ ከምዘሎ ይሕብር።

## ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ Graphics (CC-2017) |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ L-1 | ➢ Editing (CC-2017) |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ Mobile maintenance |
| ➢ ምስኣል ብደረቕን ተንቀሳቃሲ ካሜራ | ➢ Principle of Accounting + Peachtree |
| ➢ ኣውቶካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

## ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and In Design)

፧ 2ን ልዕሊኡን ስልጠና ንዝወሰዱ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር
፧ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጓዓዝያ ምቹእ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስኒ'ዩ።

ቴሌ. 07204551/07218432/112244





## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!



AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ንዓበይቲ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ከምኡውን ንንኣሽቱ ካብ ዕለት 13 ሓምለ ክጅምር ምኳኑ ከበስር ይፈቱ።
ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ　ንዝያዳ ሓበሬታ　ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ቢንያም፡ በኸሪ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ዕዉት መድረኽ ዙር ፈረንሳ ኮይኑ


## ቢኒ - ከም ኣልማዝ ተፋሕፊሑ ዝደመቐ ኮኾብ












"ቅድሚ ኩሉ ንኣምላኽ የመስግን። ብሽክሊታ ካብ ዝጀምር ኣትሒዘ ናይ ወትሩ ሕልመይ ኣካል ቱር ዲ ፍራንስ ክኸውን እዩ ነይሩ። ኣብ ካልኣይ ዓመተይ ኣብ ዓቢ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ክዕወት ምኽኣለይ ግና፡ ክኣምኖ ኣይከኣልኩን። ንስድራይ፡ ንብጻይተ ቤተይ፡ ንኹሎም ኤርትራውያን፡ ከምኡ'ውን ንኣፍሪቃውያን ከመስግኖም እደሊ። ክንሕበን ኣለና፣ ካብ ሕጂ ንደሓር ብሓቂ ኣካል ናይቶም ዓበይቲ ውድድራት ኮይንና ኣለና። ሕጂ ግዜና እዩ፣ ንኹልኹም እንቋዕ ሓጎሰኩም ጥራይ እየ ክብል ዝደሊ። ንኹሎም ኣፍሪቃውያን እዩ፣ እንቋዕ ሓጎሰና። ሎሚ ኣዝዩ ሕጉስ ኣለኹ።" - ቃል እቲ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ቀዳማይ ብምኽታው እናንበዐ ዝተዛረበ ብርቂ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ እዩ።

ዝሓለፈ ቀዳም ንፈለማ ግዜ ካብ ኢጣልያ ዝጀመረ ዙር ፈረንሳ፡ ትማሊ ሳልሳይ መድረኽ ካብ ከነዛ ተበጊሱ ኣብ ቶሪኖ ዝዛዘም - ናይ 230.8 ኪሎሜተር ናይ ሌጣ ጎልጎል ውድድር ኣካዪዱ። እዚ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ዝውሃለ መድረኽ፡ ኑቶም ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ክኢላታት ዝጥዕም እዩ ነይሩ። ዝተፈላለዩ ተቐዳደምቲ ክዕወቱሉ ከኣ ተገሚቱ ነይሩ።

እተን ዕቡላ ጸዓዱ ተቐዳደምቲ ኣብ ቅድድም ብሽክሊታ ክቕልጽ ዝበሀጋ ማዕበናት ዘለና፡ ከም ብዓል ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት ቀጠልያ ናይ ነጥቢ (ሾኣ) ያስፐር ፍሊፕሰን፡ ብርያን ኮካርድ፡ ማደስ ፐደርሰን፡ ፈርናንዶ ጋቭርያን ኣርኑድ ዲማርን ክዕወቱሉ ገሚተን ነይረን።

ብመንጽሩ፡ ዕቑር ዓቕሚ ናይቲ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ በሪ ዓወት ቅድድም ብሽክሊታ ንኣፍሪቃውያን ብፍላይ ንጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ክኸፍት ዝጸንሐ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ ክሕስያኦ ዘይደለየ ምንጪታት፡ ስሙ ምስቶም ዝበለጹ ተቐዳደምቲ ኣሰፊረናኦ።

ቢንያም፡ ኣብታ ኣብ መበል 94.3 ኪሎሜተር ተሰሪዓ ዝነበረት ናይ ማእከል ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚዲየት)፡ ድሕሪቶም ልዕሊኡ ዝተገመቱ ፐደርሰን፡ ያስፐር፡ ኮካርድ፡ ዲማርን ጋቭሪያን ብምኽታው፡ 10 ነጥቢ ኣመዝጊቡ።

ኣብታ ማእከል ባህሊን ኣገዳሲት ናይ ቢዝነዝ ከተማን ዝኾነት ከተማ ቶሪን ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር ግና፡ ንሓያል ስታኦ (ሾኣ) እቲ ኣብ ሰዓት 63.3 ኪሎሜተር ዝርግሐ ዝነበረ ጸሊም ኣልማዝ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ ዝጸወሩ ደናጉ ጸዓዱ ተቐዳደምቶ ኩቶ ኣይነበሩን።

ኣብዛ ውድድር ብደቂ ጋንታኡ ልዑል ሓገዝ ዝተገበረሉን ንሾኣ ዝጥዕም ቦታ ዝተመቻቸኣሉን ቢንያም፡ ብዮማናይ ጸግዒ ኮይኑ ብዘዘበሮ ሓያል ሾኣ፡ ብ5 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 48 ካልኢትን እዩ - ኑቶም ቀዲሞም ዝተንስኡ ተቐዳደምቲ ሰዪም ኣብሉ ቀዲሙ ሕንጻጽ ረጊጹ፣ ታሪኽ ደማ ሰሪሑ - "ናይ መድረኽ ዓወት ዙር ፈረንሳ ዘመዝገበ ናይ ፈለማ ጸሊም ኣፍሪቃዊ" ብምዃኑ። ኣገናዕ ኣንታ ሰራሒ ታሪኽ!

ቅድሚ ሕጂ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ርቤ ሃንተርን ዳርይል ኣምፐይን ኣብዚ ዝገደመ ናይ ቅድድም ብሽክሊታ ውድድር፡ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቦም ነይሮም እዮም።

ኤርትራ፡ ኣብ 2015 ብመገዲ ኣሎምፒካውያን ተቐዳደምቲ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቅዱስን ኣብ ዙር ፈረንሳ ሱታፌኣ ምስ ኣረጋገጸት፡ ንፈለማ ግዜ ናይ ሱታፌ ታሪኽ ሰሪሓ ነይራ። ዳኒ፡ ኣብ ሻዱሻይቲ መድረኽ ቀይሕን ጻዕዳን ማልያ ኣገዲሱ ዓቒብ ምስ ለበሰ ከኣ፡ '9 ሓምለ 2015' ኣብ ታሪኽ ስፖርት ሃገርና ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅድድም ብሽክሊታ ብኽብሪ ተወቒራ ጸኒሓ።

1 ሓምለ 2024 ግና፡ ሓሊፋ ኣለዋ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብዚ ውድድር፡ ንብዩኡ ኤርትራዊ፡ ከምኡ'ውን ንብዩኡ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ዝበረ በኣ፡ ኣብዚ ዓውዲ ዘሎ ትምክሕቲን ዕቡላን ጸዓዱ ኣብርዒኑ በሎኽ ኢሉ ወጺኡ። ከምቲ ወለድና ዝብልዎ "ሓደ ክንዲ ሽሕ" እዩ ነገሩ!

እዚ ታሪኽዚ ንኤርትራ ጥራይ ኣይኮነን፣ እንተላይ ታሪኽ ናይ'ታ ኣብ ዕብየት ቢንያም ልዑል ተራ እትጻወት ዘላ ጋንታኡ ኢንተርማርች እዩ። እዛ ጋንታ፡ ናይ ፈለማ ናይ መድረኽ ዓወት ዙር ፈረንሳ እያ ኣመዝጊባ። በዚ ከኣ፡ 1 ሓምለ 2024፡ ታሪኻዊት ዕለት ንኤርትራ፡ ንኣፍሪቃን ኢንተርማርችን ኮይና ኣላ።

ኢንተርማርች፡ ከም ቀዳማይ መደብ ንብልጽግናዊ ገጉብ ታደሰን ምዕዋት ምንባሩ ዝገልጸ ቢንያም፡ እዚ ወዲ ጋንታኡ ብምትራፉ ግና፡ ካልኣይ መደብም ንዕኡ (ቢንያም) ምዕዋት ከምዝተቐየረ ይግልጽ። ዳይረክተር እዛ ጋንታ ኣይካ ቨሰበክ፡ ብዛዕባ ዓወት ቢኒ ክዛረብ እንከሎ፡ "ኩሉ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዚ እያ ክትጸበ ጸኒሓ። ሕጂ ተፈጺሙ ኣሎ፣ እዚ ከኣ፡ ንብዙሓት ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ በሪ ክኸፍተሎም እትስፎ። እንተ ቢንያም፡ ብኹሉ መገዲ ኣምባሳደር እዩ።" ኢሉ።

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ናይ ሾኣ ተቐዳደምቲ ዝኾነ ማርክ ካቨንዲሽ እውን፡ ንቢንያም ዝኸውን ቃላት ኣይሰኣነን፣ "ንቅድድም ብሽክሊታ ታሪኻዊት ዕለት እያ። በኒ ከኣ፡ ብዓል ዝና (Legend) እዩ።" ኢሉ እዚ 34 ናይ መድረኽ ዓወት ዙር ፈረንሳ ብምሰናድ ምስ ናይ ቅድም ተቐዳዳማይ ኣዲ ማርክስ 'ክብረወሰን ብዙሕ ዓወታት' ሒዙ ዘሎ ብሪጣንያዊ ጉዱም ተቐዳዳማይ።

እዚ ናይ ትማሊ ዓወት፡ ኤርትራ፡ ድሕሪ 385 መዓልታት እያ ናይ ዎርልድ ቱር (World Tour) ናይ መድረኽ ዓወት ተመዝጊቡ ዘሎ። ኣብቲ እዋን'ውን ማለት ኣብ 12 ሰነ 2023፡ ኣብ ዙር ሰዊስ ኣብ ካልኣይቲ መድረኽ ቀዳማይ ዝኣተወ'ውን - ቢንያም ግርማይ እዩ ነይሩ።

### ቢንያም ካብ ዘመዝገቦም ዓበይቲ ክብረ ወሰናት

* ናይ ፈለማ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም ትሕቲ 23 ዓመት መዳልያ (ኑሓስ) ዘንጠልጠለ ኮይኑ - ብ24 መስከረም 2021
* ኣብ 2022 ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ገንት ወቨልገን ቀዳማይ ብምውጻኡ፡ ናይ መጀመርታ ተዓዋቲ ዝኾነ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ
* ብኣዳለውቲ ላ ትሮፒካለ ኣሚሳ ቦንጎ ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ እንኮ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ
* ኣብ ግራንድ ቱር (ጂሮ ዲ ኢጣልያ) ንመጀመሪያ ግዜ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ጸሊም ኣፍሪቃዊ - ኣብ 17 ግንቦት 2022
* ንናይ ክላስክ ውድድር ፍራንኮ በልገ ዝተዓወተሉ ናይ ፈለማ ጸሊም ኣፈቃዊ - ብ12 ሰነ 2024
* ትማሊ 1 ሓምለ ከኣ፡ ናይ መጀመሪያ ናይ መድረኽ ዕወት ዙር ፈረንሳ ኮይኑ ኣሎ - ብ12 ሚያዝያ 2000 ኣብ ኣስመራ ዝተወልደ ቢንያም ግርማይ።

በዚ ከኣ፡ እንኮ ተሪፋቶ ዘሎ ናይ ግራንድ ቱር (ጂሮን ፈረንሳን ተዓዊቱለን ኣሎ) ውድድር፡ ዛጊት ዘይተሳተፈ ኣብ ቮልታ እስፓኛ እዩ፣ ኣፍሪቃዊ እውን ኣይተዓወተላን ዘሎ። ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም'ውን ዝኾነ ኣፍሪቃዊ ተዓዊቱ ኣይፈልጥን እዩ። ምናልባት ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ እዩ'ምበር፡ ኤርትራዊ ዘይጽሕፎ ታሪኽ ክህልዉ ኣይኽእልን'ዩ።

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ዋንጫ ኤውሮጳ ዙር 16
ሮማንያ - ሆላንድ 7:00 ድ/ቀ
ኦስትሪያ - ቱርኪ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## “ምስ ኔቶ ዝመሳሰል ወተሃደራዊ ኪዳን ይምስረት ኣሎ” ሰሜን ኮርያ

ኣመሪካ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ኣብ ኤሲያ ምስ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ዝመሳሰል ወተሃደራዊ ኪዳን ንምምስራት ይሰርሓ ከምዘለዋ ሰሜን ኮርያ ሓቢራ።
ሰሜን ኮርያ ኣብ'ዚ ዝገለጸቶ፡ እተን መሻርኽቲ ሃገራት ንመዳልታት ዝቐጸለ ሰለሳዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ድሕሪ ምኻየደን እዩ።
ሰሜን ኮርያ፡ ኑቲ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ብተደጋጋሚ ዘካይዳኦ ዘለዋ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ - ካብ'ቲ ንወራር ተባሂሉ ዝግበር ልምምድ ፈልዩ ከምዘይትርእዮ'ን፡ እተን ሃገራት ኣብ ልዕሊኣ ንዝኽተላኦ ተጻባኢ ፖሊሲታት ዘጉልሕ ምዃኑን ብምሕባር፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ክትከሱኖ ጸኒሓ እያ።



ይኹን'ምበር፡ ደቡብ ኮርያ ንክሲ ሰሜን ኮርያ ብምንጻግ፡ እቲ ዳሕረዋይ ልምምድ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ እተን ሰለስተ መሓዙት ሃገራት ንዓመታት ብስሩዕ ክቕጽል ዝጸንሐ ናይ ምክልኻል ልምምድ ምዃኑ ገሊጻ።
ብተወሳኺ፡ ደቡብ ኮርያ - ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ መንጎ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡንን ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲንን ዝተኸተመ ናይ ምክልኻል ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ስምምዕ ብምቅዋም፡ ብቐጥታ ንጸጥታ ኣጸዋር እተቕርበሉ መንገዲ ክትግምግም ምዃና ኣፍሊጣ።
እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ'ቲ ጉዳይ ዘለዋ ተቓውሞ ንምግላጽ ክልተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ንፈተነ ከምዘወንጨፈት ሓቢራ ኣላ።

## ጃፓን፡ ኣብ ምክትታል መሬት እትነጥፍ ሳተላይት ወንጨፋ

ጃፓን ኣብ ምክትታል መሬት ከምእትነጥፍ ዝገለጸታ ሳተላይት - ዝሓለፈ ሰኑይ ናብ ህዋ ከምዝወንጨፈት ተገሊጹ።
ብመሰረት መግለጺ መንግስቲ ጃፓን፡ እታ ሳተላይት - ኣብ ጸጥታን ክፍጠሩ ኣብ ዝኽእሉ ሓደጋታት ምላሽ ኣብ ምሃብን ክትዋፈር እያ።
እታ ኣብ ‘ኤች-3’ ዝተባህለት ሮኬት ተጻዒና ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ጃፓን ካብ ዝርከብ ማእከል ጠፈራዊ ምርምር ታኒጋሺማ ዝተበገሰት ሳተላይት፡ ከም'ቲ ዝተወጠነ ድሕሪ ኣስታት 16 ደቓይቕ ኣብ ጠፈር ከምዝበጽሐት፡ ትካል ዳህሳስ ኣየርን ጠፈርን ጃፓን (ጃክሳ) ሓቢሩ።
እታ ‘ኣለብ-4’ ዝተሰምየት ምዕብልቲ ሳተላይት ብቐንዱ - መሬት ንምዕዛብ፡ ንሓደጋ ምላሽ ኣብ ምሃብ ዝሕግዙ መረዳእታታት ምእካብን ካርታ ምድላውን ዝኣመሰለ ዕማማት ተዋሂብዋ እኳ እንተሎ፡ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ናይ ምክትታል ዓቕሚ እውን ኣለዋ።
እታ ሳተላይት ፈለማ ኣብ ዕለተ ሰንበት ናብ ጠፈር ክትለኣኽ እኳ ተሓሰቡ እንተነበረ፡ ኣብ'ቲ ማእከል ጠፈራዊ ምርምር ብዘጋጠመ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ተደናጊዩ ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ።
‘ኣለብ-4’፡ ነታ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ተዋፊራ ዝጸንሐት ‘ኣለብ-2’ ዝተሰምየት ሳተላይት ክትትክእ ምዃና ዝገለጸ ጃክሳ፡ ኣዝዩ ዝሰፍሐ ክፋል መሬት ናይ ምዕዛብ ተኽእሎ ከምዘለዋ ኣረዲኡ።
ጃፓን፡ ተወዳዳሪ ዓቕሚ ሳተላይታት ምምዕባል - ከም ቁልፊ ናይ ጠፈራዊ መደባታ ሃገራዊ ድሕነታን ገይራ ትሰርሕ ከምዘላ ይግለጽ።



## ናይጀርያ - ብነብሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ሰባዊ ጉድኣት ወሪዱ



ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ብዝተፈጸመ ነብሰቅትለታዊ መጥቃዕቲታት ቦምብ፡ ብውሑዱ 18 ሰላማውያን ሰባት ከምእተቐትሉ ካብ'ቲ ቦታ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።
በቲ ኣብ ጸምብል መርዓ፡ ስነሰርዓት ቀብሪ ከምኡ'ውን ኣብ ሆስፒታል - ኣብ ሰለስተኡ ብሸበራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲታት፡ ልዕሊ 30 ካልኦት እውን ከምዝቖሰሉ ተገሊጹ።
ኑቲ ኣብ ክፍለሃገር ቦርኖ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል እኳ እንተዘየሎ፡ ምስ ሸበራዊ ጉጅለ ቦኮ ሓራም ምትእስሳር ክህልዎ ከምዝኽእል ጥርጣረታት ኣሎ።
ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣንጻር እቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ክቃለስ እኳ እንተጸንሐ፡ እቶም ሸበራውያን ሓይልታት ግና - ኣብ ልዕሊ ሲቪላትን ዒላማታት ጸጥታን ብቐጻሊ መጥቃዕቲ ካብ ምኽያድ ዓዲ ኣይወዓሉን።
ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮሓራም፡ ካብ 2009 ኣትሒዙ ኣብ'ቲ ከባቢ ብዘካየዶ ዘሎ ሸበራዊ መጥቃዕቲታት፡ ልዕሊ 40 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ድማ - ከምእተመዛበሉ ጸብጻባት የመልክቱ።
ብሰንኪ'ቲ ሸበራዊ ተርእዮታት፡ ሰሜናዊ ክፋል ናይጀርያ ኣብ ጸጥታዊ ቅልውላው ተሸሚሙ ከምዝርከብ ምስ'ቲ ከባቢ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ።

## ፓኪስታን፡ ካልኣይ ዙር ምብራር ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ትጅምር

ፓኪስታን፡ ካልኣይ ዙርያ ምብራር - ሕጋዊ ሰነዳት ዝይብሎም ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ክትጅምር ምዃና ኣፍሊጣ።
በዚ ድማ፡ ኣብ'ዚ ካልኣይ ዙርያ - ካብ'ታ ሃገር ብወለንታኦም ናብ ዓዶም ክምለሱ ሕቶ ዘቕረብሎም ልዕሊ 800 ሽሕ ኣፍጋናውያን፡ ኑቲ ጻውዒት ምስዘየኽብርዎ ክብረሩ ተኽእሎ ከምዘሎ ሰበስልጣን ፓኪስታን ኣፍሊጦም።
መንግስቲ ፓኪስታን፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘካየዶ ቀዳማይ ዙርያ ምምላስ ስደተኛታት፡ ኣስታት 4.4 ሚልዮን ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ኣብ ሃገሩ ከምዝነበሩ፡ ካብዚኦም ብዝምጋም እቶም 1.7 ሚልዮን ሕጋዊ ሰነዳት ዘይብሎም ምዃኖም ገሊጹ ነይሩ።
መንግስቲ ፓኪስታን፡ እቶም ስደተኛታት ጠንቂ ጸጥታውን ቁጠባውን ሽግራት ይኾኑ ከምዘለዉ ብምሕባር እዩ - ኑቲ ስጉምቲ ዝወሰዶ ዘሎ።
ፓኪስታን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እውን - ልዕሊ 540 ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ከምዝገደደት ይዝከር።



## ግብጺን ሕብረት-ኤውሮጳን፡ ናይ ወፍሪ ስምምዓት ክቲሞም

ግብጽን ሕብረት ኤውሮጳን፡ ናይ ዓሰርተታት ቢልዮናት ዶላር ዝግመት ናይ ወፍሪ ስምምዓት ከምዝኸተሙ ተገሊጹ።
እቲ ስምምዕ ኣብ ርእሰከተማ ካይሮ ኣብ ዝተኻየደ - ንኽልተ መዓልታት ዝቐጸለን ዝሓለፈ ሰንበት ዝተዛዘመን ዋዕላ ወፍሪ ግብጽን ሕብረት ኤውሮጳን እዩ ተበጺሑ።
ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ፎን ደር ሌየን ኣብ መኽፈቲ እቲ ዋዕላ ኣብ ዘሰምዓቶ መደረ፡ ኩባንያታት ኤውሮጳ ኣስታት 42 ቢልዮን ዩሮ ዝግመት ልዕሊ 20 ሓደስቲ ስምምዓት ምስ መንግስቲ ግብጺ ከምእተፈራረማ ገሊጻ።
ብዘይካ'ዚ፡ ጐድኒ ጐድኒ እቲ ዋዕላ፡ ማዕበን ፕዝዞብ ግብጽን ቀጥባዊ ዞባ መትረብ ስዌጽን ምስ ኤውሮጳውያንን ካልኦት ኣማዕበልትን ንድኹዒ ኣብ ዝውዕል ሓምላይ ኣሞንያ ኣስታት 33 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ኣርባዕተ ስምምዓት ከምእተፈራረሙ፡ ካቢነ ሚኒስተራት ግብጺ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።
እቶም ስምምዓት፡ ኣህጉራውያን ኩባንያታት ኣብ ግብጺ ወፍሪ ክገብራ ዘለወን ተገዳስነት እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ዘንጸባርቕ ምዃኑ፡ እዚ ድማ ኣብ ቁጠባ ግብጺ ዓቢ ለውጢ ከምዝምጽእ - መግለጺ ካቢነ ሚኒስተራት እታ ሃገር ይሕብር።
እቲ ምትሕብባር፡ ግብጺ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወፍሪ ኣብ እትደልየሎም ብርክት ዝበሉ ዓውድታት - ማለት መጓዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ጸዓት፡ መጻዓዝያ፡ መስኖኣዊ ሕርሻ፡ ፔትሮኬሚካልን ኢንዱስትሪታትን ዓቢ ግደ ክህልዎ ትጽቢት ከምዘሎ ምስ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት የረድኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንትራል | 02/07/2024 | ጎደና ናቕፋ ቁ.18 - 20፡ ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565